# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ኖዚበለን እተን ሰለስተ ጸጉርታትን

✎ Tessa Welch
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte

This work is licensed under a Creative Commons Attribution 3.0 International License.

https://creativecommons.org/licenses/by/3.0

# ኖዚበለን እተን ሰለስተ ጸጉርታትን



✎ Tessa Welch
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte
3
ትግርኛ ti



ቅድሚ ነዊሕ ዘመን፡ ሰለስተ ኣዋልድ ዕንጸይቲ ክኣርያ ንበረኻ ወፈራ።



ሻቡ እቲ ከልቢ ኖዚበለ ከምዘታለለቶ ተረድአ። ስለዚ ብፍጥነት ናብቲ ዓዲ እናጐየየ እናጐየየ ከደ። ኣሕዋት ኖዚበለ ግና ገዘፍቲ ኣባትር ሒዞም ክጽበይዎ ጸንሑ። እቲ ከልቢ ተመሊሱ ሃደመ ካብታ ግዜ ንደሓር'ውን እንደገና ኣይተርኣየን።





ሙቐት ዘለዎ መዓልቲ እዩ ኔሩ እሞ ንኽሕምብሳ ናብቲ ውሕጅ ወረዳ። ኣብቲ ማይ ክጻወታ፡ ክጋጫጨባን ክሕምብሳን ወዓላ።



ብሃንደበት፡ ከምዝመሰየ ተገንዘባ። እናቐልጠፋ ናብ ዓደን ተመልሳ።





እቲ ከልቢ ምስተመልሰ ንኖዚበለ ከናድያ ጀመረ። “ኖዚበለ፡ ኣበይ ኣለኺ?” እናበለ ጨደረ። “ኣብዚ እኔኹ፡ ኣብ ትሕቲ ዓራት፡” በለት እታ ቀዳመይቲ ጸጕሪ። “ኣብዚ ኣለኹ ድሕሪ እዚ ማዕጾ፡” በለት እታ ካልኣይቲ ጸጕሪ። “ኣብዚ እነሃልኹ፡ ኣብ ዛሬባ፡” በለት እታ ሳልሰይቲ ጸጕሪ።



እቲ ከልቢ ምስከደ፡ ኖዚበለ ብቕጽበት ሰለስተ ጸጕርታት ካብ ርእሳ በንቈሰት። ሓንቲ ጸጕሪ ኣብ ትሕቲ ዓራት ኣቐመጠት፡ ሓንቲ ብድሕሪ ማዕጾ፡ ሓንቲ ድማ ኣብቲ ዛሬባ። ብድሕሪኡ ብምሉእ ዓቕማ ናብ ቤታ ገጻ ሃደመት።





ጥቓ ቤተን ምስበጽሓ፡ ኖዚበለ ኢዳ ናብ ክሳዳ ሰደደት። ስልማት ክሳዳ ረሲዓታ! “በጃኽን ንዓናይ ምሳይ ተመለሳ” ክትብል ንመሓዙታ ለመነተን። መሓዙታ ግን ኣዝዩ መስዩ እዩ በላኣ።



ስለዚ ኖዚበለ ናብቲ ውሕጅ ንበይና ተመልሰት። ስልማት ክሳዳ ረኺባታ ናብ ቤታ ክትከይድ ተጻደፈት። ግና ኣብቲ ጸልማት መንገዲ ጠፊእዋ።





ኵሉ መዓልቲ ነቲ ከልቢ ክትክሽነሉ፡ ክትኵስትረሉን ክትሓጽበሉን ኔርዋ። ሽዑ ሓደ መዓልቲ እቲ ከልቢ፡ “ኖዚበለ ሎሚ ናብ ኣዕሩኽተይ ክበጽሕ ክኸይድ እየ። ቅድሚ ምምላሰይ ምድርቤት ኲስትርዮ፡ መግበይ ከሽንለይ ኣቝሑተይ ድማ ሓጻጽብለይ።” በላ።



ሸዑ እቲ ከልቢ፡ “ዓራተይ ኣንጽፍለይ!” በላ።
ኖዚበለ ድማ “ኣነ ግና ቅድሚ ሕጂ ዓራት ናይ
ከልቢ ኣንጺፈ ኣይፈልጥን እየ።” ኢላ መለሰትሉ።
“ኣንጽፍለይ እንተዘይኮይኑ ክበጅለኪ'የ!” ይብላ።
ስለዚ ኖዚበለ ዓራቱ ኣንጸፈትሉ።






ኣብ ርሑቕ ካብ ሓንቲ ኣጕዶ ዝወጽእ ብርሃን
ርኣየት። ብተብተብ ናቡኡ ገጻ ብምቕራብ ኣብቲ
ማዕጾ ኳሕኲሓት።



ዘይተጸበየቶ፡ ሓደ ከልቢ ከፊትዋ “እንታይ ደሊኺ?” ክብል ድማ ሓቲትዋ። “ጠፊአ’የ መሕደሪ ቦታ ድማ እደልይ ኣለኹ፡” በለት ኖዚበለ። “ንዒ እተዊ፡ እንተ ዘየሎ ክነኽሰኪ እየ!” በላ እቲ ከልቢ። ኖዚበለ ድማ ንውሽጢ ኣተወት።





ሽዑ እቲ ከልቢ “መግቢ ከሽንለይ” ይብላ። “ኣነ ግና ቅድሚ ሕጂ ንኸልቢ ከሺነ ኣይፈልጥን እየ፡” ኢላ መለሰትሉ። “ከሽኒ ሓደው ክነኽሰኪ እየ!” ይብላ እቲ ከልቢ። ስለዚ ኖዚበለ ነቲ ከልቢ መግቢ ከሽነትሉ።